ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CRGE በጀት ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቐሑት /ጎማ/ ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሚያዝያ 7, 2018 (ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 22, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 22, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/20/ግ-ጨ/01

ዕለት 07/08/2018 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቐፅሪ 08/2018 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CRGE በጀት ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቐሑት /ጎማ/ ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቐፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ የካቲት/2018 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቐረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ሰዓራይ ዝኾኑ ተጫረቲ 3% withholding tux እና Vat በቲ መምርሒ መሰረት ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ተቆሪፁ ዝተርፍ ምካኑ፣

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቐሑት /ጎማ/ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

6. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

7. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

8. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ ብባንኪ ሒሳብ ቐፅሪ 1000539031663 ብቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ሽም ኣታዊ ብምግባር ካብ ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቐፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 07/08/2018 ዓ/ም ክሳብ 21/08/2018 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ኣብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ግዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

9. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 10,000.00/ ዓሰርተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

10. እቲ ጨረታ ዕለት 22/08/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4፡00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኸፈት።

11. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

13. ሰዓራይ እቲ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /ጎማ/ ድማ ብበዓል ሙያ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

14. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቁፅሪ 0914775963 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኺኑ ንሕብር ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle